## ዜና (26-10-2007)

### ኢትዮጵያ ንኤርትራ መጠንቀቕታ ትሰድድ

ወጻኢ ጉዳያት ሚኒስቴር ኢትዮጵያ ትማሊ ኣብ ዘውጽኦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ኤርትራ ንስምምዕ ኣልጀርስ ከተኽብርን ብኡ ተቐይዳ ክትኸይድን መጠንቀቕታ ከምዝሰደደት ቢቢሲ ሓቢሩ። መግለጺሚኒስቴር ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ ስዩም መስፍን ናብ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራ ኣብ ዝሰደዶ ደብዳበ፡ ብሰንኪ መንግስቲ ኤርትራ ብተደጋጋሚ ብዘካየዶ ምጥሓስ ውዕል ኣልጀርስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብከፊል ኮነ ብሙሉኡ ነቲ ስምምዕ ንምቑራጽ ዘለዋ መሰልን ሰላማውን ሕጋውን ኣማራጽታት ንምንዳይ ከምእተገደደት ሓቢሩ።

እቲ ደብዳበ ብተወሳኺ ንዋና ጸሓፊ ባይቶ ጸጥታ፡ ንዋና ጸሓፊ ው.ሕ.ሃ.፡ ንኣቦ ወንበር ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ንወጻ ጉዳያት ሚኒስቴር ኣልጀርያ ወጻኢ ጉዳያት ሚኒስትሪ ኢትዮጵያ፡ ንወጻ ጉዳያት ሚኒስቴር ሕ.መ.ኣ.ን ንፕረሲዳንት ሕብረት ኤውሮጳን ከምእተሰደን እቲ ዜና ወሲኹ ገሊጹ። እቲ ናይ ቅዳሕ መልእኽቲ ናብ'ዞም ኣካላት ዝተሰደሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ኢትዮጵያ ብመሰረት ዓለም ለኻዊ ሕግታት ዘለዋ ኣማራጽታት ዳግመ ግምት ንኽትገበር ዘገድዳ ምኽኒት ንምርኣይ ምኺኑ እቲ ናይ ኢትዮጵያ ወጻኢ ጉዳያት ሚኒስቴር መልእኽቲ ኣፍሊጡ።

### መስከረም 18 ብምዝካር፡ ኣብ ሽወደን ስዊዘርላንድን ኣብ ካልእ ቦታታትን ዝርከቡ ኤርትራውያን ዝተፈላለየ ንጥፈታት ኣካይዶም፡

ንታሪኻዊት ወርሒ መስከረም ኣጋጣሚ ብምግባር፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፣ ሽወደንን ስዊትዘርላንድን ዝነብሩ ኤርትራውያን ብዕለት 22 መስከረም ኣብ ጆሃንስበርግን (ደቡብ ኣፍሪቃ) ስቶክሆልምን (ሽወደን)፡ ብዕለት 23 መስከረም ድማ ኣብ GEWÜRZMÜHLE

(ገውረዝሙህለ) (ስዊዘርላንድን)፡ ኣብ ትሕቲ *“መስከረም፡ ደወል ንብሩህ መጻኢ.“* ዝብል ናይ ሓባር ቴማ፡ ናይ ሽምዓ ምብራህ መደብ ኣካይዶም።

ኣብቲ መዓልቲ፡ ኣብ ሰለስቲኡ መደባት፡ “ምስሊ ኤርትራ“ ዘርእስቱ፡ ንጽልግለግ ዝብል ስእሊ ኤርትራና፡ ባዓቢኡ'ውን ንኩነታት ዞባና ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ዘለዎ ሓጺር ስእላዊ መግለጺ ቀሪቡ።

ተሳተፍቲ፡ ንኩሎም እቶም ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ዓለምና፡ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ብምክያድ (ሰላማዊ ሰልፈታት ሮማ፣ ጀርመን፣ ዓዲ እንግሊዝ፣ ስቶክሆልም፤ ከምኡ'ውን ናይ ሽምዓ ምብራህ መደብ ዋሽንግተን ዲሲን ካልኦት ንጥፈታትን) ነዛ ክብርቲ ዕለት ዝዝክርዋ ዘለው ዜጋታት ሓድነታዊ ሰላምታ ኣብጺሖም።

ተሳተፍቲ ብተወሳኺ፡ ንኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝርከቡ ኤርትራውያንን ኣዕሩኽ ኤርትራን እዚ ዝስዕብ መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ብምኽንያት 18 መስከረም፡ ዕለተ ጃምላዊ ማእሰርቲ ፓለቲካውያን እሱራትን ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ህግደፍ፡ ብስምረት ሰልፊ ተቓውሞ ኤርትራውያን ዝተወደበ ዕውት ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ፍራንክፈረት (ጀርመን) ተካይዱ። እቲ ብ ዕለት 22 መስከረም ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፊ በማኢት ዝቑጸር ህዝቢ ከምዝተሳተፎ ምንጭታትና ካብ ጀርመን ሓቢሮም።